
# መኹተ ድርዕና፣ ስራሕ ክብረትና!!!

**"ኣግእዞ"**




ኣግእዞ ኤርትራ ብዓንደ ርእሳ
ካብ ደቃ ኢዩ ነይሩ ካብ ከርሳ
ሕርያ ጸላእታ ንምርማሳ
ሕርያ ደቃ ግን ንምፍዋሳ
እንከን ኣይገደፉን ፈውሲ ጣዕሳ
ድርዒ'ለዋ'ዛ ሃገር ኣብ ኣትላንታ
መኸተ ዝድርዓ ስራሕ ሕላገታ
ስለኣ ዘትዮም ደቃ ንኽብረታ
ጓና ኣይሓለፎን ምድርቤታ
ትኽሎ ተማእዚኑ ሓኽላ ልዓታ









ክቡር ዋጋ ዝተኸፍላ ክብርቲ ዕለት ግንቦት 24 ንምዝካርን፣ መበል 22 ዓመት ምዓልቲ ኣግእዞ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምጽንባልን፤ መበል 20 ዓመት ልዑላውነት ኤርትራ ንምኽባርን፣ ህሉው ኩነታት ሃገርና ንምፍላጥን፣ ናይ ሃገረ ኤርትራ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣማኻርን፣ ናይ ህዝባዊ ግንባር ንፍትሕን ዲሞክራስን ፖለቲካዊ ሓላፍን ኣቶ የማነ ገብርኣብ ኣብ መንጎ ነበርቲ ከተማ ኣትላንታ ጆርጂያን፣ ሻርሎት ኖርዝ ካሮላይናን፣ ካልኦት ኣብ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ሕ. መ. ኣ. ዝቕመጡ ኤርትራውያን ዝተረኽብሉ ብኽብ ዝበለ ድምቀት ግንቦት 25/ 2013 ዓ.ም. ኣብ ከተማ ኣትላንታ ጆርጂያ ከቢሩ ውዒሉ።




ክቡር ኣቶ የማነ ገብርኣብ ኣብ መንጎና ተረኺቡ ጽምብል ምዓልቲ ነጻነትና ምኽባሩ፣ ነታ ዓመት መጸት ብዓቢ ባህጊ እንጽበያ ክብርቲ መዓልቲ ነጻነትና ዘዳለናዮ መደብ ተወሳኺ ድምቀት ገይርሉ ውዒሉ። ቅድሚ ዝተመደበልና ሰዓት ኣኺሉ፣ ናብ መግለጺ ሓጎስናን, ሓድነትናን, ውህደትናን ዝኾነ ጸወታን ትልሂትን ምስግጋርና፣ ንህሉው ፖለቲካውን፣ መደብ ወፍሪ ቁጠባዊ ልምዓትን፣ ኩነታት ሃገርና፣ ንምሕባርን ንምዝታይን ክቡር ኣቶ የማነ ገብርኣብ ዝመርሖ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ብምኽያድ፣ ምስ መንእሰያትን ህዝብን ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፣ ካብ ተኻፈልቲ ሰሚናርን ጸምበልቲ ምዓልቲ ነጻነትን ዝቐረበ እዋናዊ ሕቶን ርኢቶን ህዝቢ ብግቡእ መሊሱን ሰሚዑን።



ወግዓዊ ጽምብል ነጻነትና ብኽምዚ ክብዕል ከሎ፣ መግለጺ ክብርናን ስራሕናን፣ ከንቲባ ከተማ ኣትላንታን፣ ወከልቲ ህዝቢ ከተማ ኣትላንታን ከባቢኣን ንወግዓዊ ምዓልቲ ነጻነት ሃገርና ወግዓዊ ተፈላጥነት ሂበም ኣለው።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዋኣትና
ምዓልቲ ነጻነትና ዓመታዊ ይክበር !!